# ምንቅስቓስ ንፍትሒ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ

## ጉዕዞ ደምበ ፍትሒ መንኮርኮር ቃልሱ የደንፍዕ

### ዜና

ኩሉ ናይ ፍትሒ ተቓላሳይ ዜጋ ኤርትራዊ፣ እዋኑ እዋን ለውጢን ነጥበ መቐይሮ ማፍያ ድስቡጣ ስርዓት ኢሳያስ ጉጅሉኡን ምዃኑ ተገንዚቡ፡ ቃልሱ ከሐይል ጥርናፍነቱ ከደልድልን ከሐደስን በቢ-ዓይነቱ ተበግሶታት ወሲዱ ዝዋሳኣሉ ዘሎ እዋን ምዃኑ ኩላትና እንርእዮ እንሰምዖን ዘሎና ህሞት እዩ ።

ውድባት ይኹና ምንቅስቓሳት፣ ሰብ ሞያ ማሕበራት፣ ትካላት፣ ማዕበል መንእሰያት፡ ንጡፍ ናይ ለውጢ ስራሕን ተበግሶን ዘመልከተ፣ብመልክዕ ሰሚናራት፣ ጉባኤታት፣ ፈስቲቫላት፣ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ካብ ኣመሪካ ጀሚርካ ናብ ኤውሮፓ ዝካየደሉ ግዜ ምዃኑ፡ ብ-ምድያን መራኸቢ ቡዙሃንን ኣብ ዝርጋሕኤኦም ዘራጋግጽዎ ዘለዉ እዋን ምዃኑ ዝስሓት ኣይኮነን ።

ብፍላይ ማዕበል መንእሰያት **ብርጌድ ንሓመዱ** ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኤርትራ ፈጺሙ ናይ ምእካብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ዘየፍቅድ ኩሉ ዓይነት መሰል ደቅሰባት ረጊጹ፡ ኣብ ዑጹው መሓዩርን ኩፉት ቤት ማእሰርቲ ንህዝብና ዳጒንዎ ዝርከብ ማፍያ ድስቡጣ ስርዓት ኢሳያስን ጉጅሉኡን፡ ኣብ ምዕራብ ሃገራት (OCCIDENT) ብስም ፈስቲቫል፣ ሃገራዊ በዓላት እናበለ ከምኡ'ውን ገንዘባዊ ሓገዝ ንጽጉማት ን-ሆስፒታል ናውቲ-ዕዮ መዐደጊ ዝብል ምስምስ፡ ገንዘብ ከእክብን ፖለቲካዊ ፕሮፖጋንዳኡ ክዝርግሕን፡ በቲ ዝኣከቦ ገንዘብ ንህዝቢ መጨፍለቕን መርገጺን ክጥቀመሉ፡ ህዝቢ ተፋላልዩ ነንሕድሕዱ ዝጋጮን ዝርሓሓቕን፣ ዘይምርድዳእ ክህልዎ ንምግባር ሃሱሳት ልኣኽቱ ዘዋፍረሉ፣ ህዝብና ተሸቑሪሩን ስነ-ኣእምራዊ ፍርሒ ሓዲርዎ ንመስሉ ከይቃለስ ምእንቲ፡ ጻዕሩ ካብታ ስልጣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘላ ጀሚሩ፣ ስጋብ እዛ እዋን እዚኣ ከካይድ ድሕሪ ምጽንሑ፣ **ማዕበል ምንቅስቓስ መንእሰያት ብርጌድ ንሓመዱ <u>ሕጅስ ይኣክለኩም</u>** ኣብ ንሕና ዘሎናያ ቦታ፣ ዝኾነ ዓይነት ተበግሶ ከይትገብሩ ቅድም ብሕጊ እዚ እንተ ዘይሰለጠ በቲ እስኹም እትርድእዎ እተዘውትርዎን መልክዐ ሓይሊ ብምጥቃም ጠጠው ከነብልኩም ኢና ተበጊሱ ብግብሪ ድማ ኣርእዩ።

ቃልስና ቃልሲ ዎሎዶታት ኮይኑ፣ ህዝብና **<u>ሰላም ክረክብ ፣ ፍትሒን ዲሞክራስን ከስተማቕር፣ ብልዕልና-ሕጊ ክማሓደር፣ ራህዋን ስኒትን ናጽነት ክረክብን ውሑስ መሰል ክህልዎ እዩ።</u>** ብዝብል ንጹሁን ንጹርን ስሚዒት ተንሲኡ ብግብሪ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣመስኪሩ፣ ኣብዛ ዓመት'ዚኣ ክኣ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለማት ንተበግሶታት ገባቲ ስርዓት ዓዲ ሃሎ ክብድሆ ጸኒሑን ኣሎን።

ብፍላይ ኣብ ጀርመን ከተማ ጊሰን ዘርኣዮ ሓርበኛዊ ፍትሓዊ ቃልሲ፡ ብወግዒ መንግስቲ ጀርመን ከይተረፈ ዘይምቕባሉን ክግበር ኣይነቦሮን ዝብል መግለጺን መብርሂን ብሉኡኽ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳዩ ኣቢሉ ክህብ ኮሎ፣ ኩለን ዓበይትን ንኣሽቱን ማዕከናት ጀርመን ማፍያ ድስቡጣ ስርዓት ኢሳያስን ጉጅሉኡን ኩሉ ተግብራቱ እናዘርዘሩ ኣብ ሃገሩ ዘየፍቅዶ መሰላት፣ ኣብ ሃገርና ብሕጋዊ መገዲ ኣምሲሉ ተበግሶታት ክገብር እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኤርትራ ክልዓል ዘለዎ **<u>ስነ-መሰል</u>** ጎንጺ፣ ኣብ ወጻኢ ተሓጺሩ ንህዝቢ ኤርትራ ምዕፋን ብዝብል ስልቲ ዝወስዶም ስርሒታት/ተቦግሶታት ክፍቀዶ ኣይግባእን ዝብልን ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ትንታነታት ክህባሉ ይስማዕ ኣሎ።

ዓለምለኻውያን ማዕከናት ከም (BBC) ብብሲ ማዕከን ናይ ሃገር እንግሊዝ (CNN) ሲኤን.ኤን ማዕከን ሃገር ሕቡራት ኣመሪካ ከይተረፋ ኣቕልቦን ፖለትካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ትንታነ ወረ ስሪዒት ብርጌድ ንሓመዱ ዘርጊሔን።

ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ መዛረብን መካትዕን ባይታ ኣብ ርእሲ ምኽፋቱ፡ ህላውነት ደምበ ፍትሒ ክራጋገጽ ዘኽኣለ ዓውደ ቃልሲ፣ መንእሰያት ሞተር ናይ ለውጢ ምዃኖም ብቑመና ኣራጋጊጹ። እዚ ተበግሶ መንእሰያት ክታባባዕን ዘድሊ ሕጋዉን ፖለቲካዊ ማሕበራዉን ቁጠባውን ሓገዛት ክግበረሎምን፡ እቶም ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋሱኡ ውድባት ይኹኑ ምንቅስቓሳት ምስኦም ኮይኖም፡ ነዚ ኣብ ቀረባ እዋን ምውዳቕ ጉጅለ ህግደፍ ዝኽሰት ዘሎ እዋን፡ ንምስግጋር ፍትሓዊን ዲሞክራሲያዊት ሃገር ምቅርራብ፣ ፍትሓዊን ሕጋዉን ሃገራዊ ዕርቂ ዘምጽእ ሰነዳትን መስርሕን ምቅርራብ ከም ዘድሊ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ይርአ ኣሎ፡ ንምድላው ግዜ ክወስድ የብሉን ዝብል ምሕጽንታት ካብ ህዝቢ ይውሕዝ ኣሎ ።

እዚ ጹሟቕ ምዕባሌን ደምበ ፍትሒ ግዚያዊ ገምጋም ቃልሲ ንለውጢ ገባቲ ስርዓት ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎ ዝሕብር እዩ፡፡

እቲ ንተገንዝቦና ዝሳሓበን ቀንዲ ክንሕብሮ ዝደለና ብ-ዕለት 08/07/2023 ብሳይበር ዝተኻየደ ጀማሪ ኣኼባ **<u>ክፍሊ ዲፕሎማሲ ናይ ኤርትራዊ ልፍንቲ ን-ዲሞክራስያዊ ለውጢ፡</u>** እዩ።

**ክፍሊ ዲፕሎማሲ ኤ.ል.ንድ.ለ.** ካብ ግዝያዊ መሪሕነት 11 ውድባት፣ ምንቅስቓሳት፣ ምድያታት፣ ሰብ ሞያውያን ሙሁራትን ናብ **ሃገራዊ ሓይሊ** ንምብጻሕ ኢለን ስርሐን ዘካናውና ዘለዋ ዝቖመት እያ፡፡

<u>ንተዝከሮ ዝኣክል፡</u> ብተበግሶ ምንቅስቓስ ዓለምለኻዊ ይኣክል ንኽልተ ማዓልቲ፣ ብ-ዕለት 09/10 ታሕሳስ 2022 ንቡዙሓት ፖለቲካውያን ሓይልታትን፣ ሃገራውያን ሲቪካው ማሕበራትን፣ ናይ ምድያ ትካላትን፣ ሙሁራትን ሰብ ሞያን ዝሓወሰ ብምዕዳም ዋዕላ ከም ተዳለወ ኣይርሳዕን፡፡

ነዚ ዋዕላ እተዳሉን ጽምዳዊ ዝምድናታት እተጣጥሕን እተትግብርን ሓንቲ ፍልይቲ ኣካል **<u>ክፍሊ ጽምዶ</u>** ወዚዑ ኣብ ስራሕ ብምእታው ብዙሕ ጻዕሪ ተኻይዱ፡ ኣብዚ ንኽልተ ማዓልቲ ዝወስድ ናይ ሓባር መኣዲ ዓውደ ዘተ፣ ልዕሊ 50 ውድባት ምንቅስቓሳት ሲቪካዊ ማሕበራትን፣ ልዕሊ 25 ምድያታት ተዓዲመን ከም ዝነበራ ጸብጻብ ብጋዜጣዊ መግለጺ ቀሪቡ ከም ዝነበረ’ውን ዝዝከር እዩ፡፡

እንተኾነ ግን ከምቲ ምስላ ዝብሎ “ ከም ኣደኻ ዝላኣኸትካ ዘይኮነስ ኣብ ዕዳጋ ዝጸንሓካ” ኮይኑ ብዙሓት ካብ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ሚድያታትን ተኻፊለንኦ። ንኽልተ ማዓልቲ ዝኣክል እቲ ብኽፍሊ ጽምዶ ይኣክል ዝተቐረበ ሰነድ ብሓፈሹኡ ተቀባልነት እንተ ነበሮ **ን-ሃገራዊ ሃይሊ** ምቛም’ውን እሳማማዓሉ እንተ ነበራ፡ ኣብ’ቲ ንኹሉ ዝጥርንፍ በበወንበራት እተን ጥርናፈታት ክቐዉም፡ ሓደ ናይ ኩሉ ማእከላይ መሪሕነት ክህሉን፣ ዝተፋላለያ ክፍሊ ስርሓት ሃልየን ካብ ኩሉ ዝሳተፍዎ ክካየድ ዝብል ሙሉእ ምርድዳእ ክርከብ ኣይተኻእለን። ብውክልና ይኹን ዝብሉ ውድባትን፣ ኣይፋል ኩሉ ብማዕረ በበወንበሮም ኣብ ሓባራዊ ማእከላይ መሪሕነት ቆይሙ፣ ኣብ ክፍሊ ስርሓት ክኣ ብቕዓትን ተሞክሮን ሞያን ዘለዎም፣ ኩለን ጥርናፈታት ይልእኻ፡ ናይ ሓባር ስራሕ ድማ ይካየድ፣ ዝብል ተቐባልነት ስለ ዘይተረኽበ፡ እተን ነዚ ናይ ሓባር ስራሕ ንጀምሮ ዝበላ 11 ጥርናፈታት፡ ድሕሪ ነዊሕ ምምይጥ (ዘተ) ሓንቲ ሰነድ እተዳሉ ሓይሊ ዕማም ካብ ኩለን እተን ሕራይ ዝበላ 2 ካብ ነፍሲ ወከፈን ወዚዔን ስርሐን  ክጅምራን፤ እቶም ኣቦ/ኣድ ወንበራተን ክኣ ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ኮይኖም ካብኦም ሰለስተ ምስ ሓደ መተካእታ ዘለዋ ኣካየድቲ ኣካል ክመርጹ፣ 6 ክፍሊ ስርሓት ክህልዋ ድማ ተሳማሚዐን ።

# ምንቅስቓስ ንፍትሒ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ

ከምዚ'ኢሉ ስራሕ ይጀመር እምበር እቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ዘተ ብፍላይ ኣብ ዲፕሎማስን ጎስጓስን ናይ ሓብር ሓቤረታ ምሃብ ቀጻልነቱ ዝራጋገጸሉ ፖለትካዊ ፍታሕ ክርከቦ፣ ኣብ ዝጣዓሞም ኣብዚ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ

ክጽምበሩ ምስ ዝደልዩ ኩፉት ባብ ከም ዘሎ፤ ዝምድናታት ክህሉን ኪቃራረብን ኣብ ናይ ሓባር ስራሕ ክብጻሕ ምእንቲ ቀጻሊ ርክብ ክግበር ከም ዘለዎ እዉን ተሳማሚዑ፡፡

ብሓጺሩ እቶም ናይ መጽናዕቲ ሰነዳት ክፍሊ ዕዮ ስርሑም ኣኪይዶም ንምጽዳቑ ናብ ማእከላይ መሪሕነት ሰነዳት ተላኢኹ ተዘትይሉ ጸዲቑን ትካላዊ ኣሳራርሕኡ ጀሚሩ።

እዚ ምጥርናፋት'ዚ <u>**ኤርትራዊ ልፍንቲ ን-ዲሞክራስያዊ ለውጢ**</u> ተባሂሉ ክስመ ብናይ ሓባር ስምምዕ ሓሊፉ፡፡

ካብ ማእከላይ መሪሕነት 3 ፈጻሚ ሓደ መተካእታ ዘለዎ መሪጾም ። ካብ ኩለን እተን 11 ጥርናፈራት ካብ ነናተን ክፍሊ ዲፕሎማሲ ሓደ ሰብ መዚዘን ። ማእከላይ መሪሕነት 3 ሰብ ዝሓዘ፣ ኣደ ወንበር መኸትል ኣደ ወንበር ዋና ጸሓፊ ክኾኑ ዝኸእሉ መዚዛ፡ ኣኼባ ክጽውዑን መጀመሪ ዛዕባ ክቐርቡ፣ በቶም ኣባላት ሓይሊ ዕማም ክፍሊ ዲፕሎማሲ ነቲ ብ-ግዝያዊ መሪሕነት ኤ. ል. ንዲ. ለ. ዝቐረቡ ሑጹያት ተቐባልነት ክራጋገጽ ወይ ክማሓየሽ ክግበረሉን፣ መደባት ስርሓት ዝስርዓሉ ምይይጥ ክካየድን ብቐጥታ ናብ ስራሕ ክጽመድ ዝሓዘለ ዝብል እዩ ነይሩ ። እዚ ዓይነት ኣጋባብ ብምኽታል እታ እተመዘዘት ሽማግለ መሪሕነት በቲ ዝተዋህባ ሓላፍነት ተሞርኲሳ ንዕለት 08/07/2023 ሰዓት 5 ብናይ ሃገር እንግሊዝ ኣቋጻጽራ ኣኼባ ጸዊዓን ብግቡእ ክኣ ተኸናዊኑ ፡፡

ከም መጀመሪ ዛዕባ ዝቐረበ፡ ሀ) ሕድሕድ ምልላይ ኣባልት ክፍሊ ዲፕሎማሲ ኤ. ል. ንዲ. ለ. ፡ ለ) ምቕባል ወይ ምምሕያሽ ነቶም ብ-ማእከላይ መሪሕነት ኤ. ል. ንዲ. ለ. ዝተመዘዙ ኣማእክልቲ ክፍሊ ዲፕሎማሲ ኤ.ል.ንዲ.ለ. ሐ) ዘተ ስረሓትን ዕላማን ሽቶን ክፍሊ ዲፕሎማሲ፣ መደበ ስርሓት ምስናድ፣ ውሽጣዊ ከማሕደረና ዝኸል መምርሒ ሕጊ ዝብሉ፣ ስፍሕ ዝበለ ምይይጥ ተኻይዱስ ሓበራዊ ምርድዳእ ብምብጻሕ ናብ ዝመጽእ ኣኼባ ብ-እርኑብን ተጻፊፉ ተስኒዱ ክትሓዝን ንዕኡ እተዳሉ ሓይሊ ዕማም ክቐውም ተሳማሚዑ።

ነቲ ብ-ማእከላይ መሪሕነት ኤ.ል.ንዲ.ለ ዝተመዘዘ ኣማእካሊ ክፍሊ ዲፕሎማሲ ሙሉእ ተቀባልነት ረኺቡ።

ኣደ ወንበር ዶ/ር ሳራ ዑቑባይ፣ መኸትል ኣደ ወንበር ዶ/ር ሳባ ተስፋዮውሃንስ፣ ዋና ጸሓፊ ዶ/ር ሃብትኣብ ፍስሓ ምዃኖም ይግለጽ፡፡

ኣኼባታት ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ቀዳም ሰዓት 5 ሃገር እንግሊዝ ኣቐጻጽራ ክግበር ተሳማሚዑ። እቲ ዘሐጉስ "ካብ ነዊሕ ምኻድ ክሳድ ምሓዝ" ዝብል ምስላ ተኸቲሉ ናይ ዋትስኣፕ ጉጅለ ሃልይዎ ዕለታዊ እናተራኸበ ሓሳባቶም ኣብሲሎምን ኣጻፊፎምን ኣብ ናይ ቀዳም ኣኼባታት ዝውስንሉ፣ ስርሓቶም ዝቃላጠፈሉ ክኸዉን ተማሓጻጺኖምን ተራዳዲኦምን ኣኼባ ተዛዚሙ።

እዚ ብሓጺሩ ዝነበረ ሓፈሻዊ ኣኼባ ክፍሊ ዲፕሎማሲ ኤ.ል.ንድ.ለ. ኮይኑ መንኮርኮር ናይ ፍትሓዊ ለውጢ ጉዕዝኡ ብምቕጻል ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ምህላው ይሕበርን ይብሰርን፡፡

ሓበራዊ ስራሕ ሞራልካ የሐይል ሕልናኻ የጠንክር፡፡

ኣዳለውቲ ወይዘሮ ብዙ ቡቱኞሊ ምስ ድ/ር ፍትዊ ክፍለ ኣባልት ም.ንፍ.ኤ.ዲ.